# ናብ ማራዓ ምሕጋዝ

الحث على الزواج

ዳዕያ / ኻሊፋ ሓመድ እስማዕል

الداعية / خليفة حمد إسماعيل

# ናብ ማራዓ ምሕጋዝ

ኣልሓምዱሊላህ ምስጋና ይብጻሓዮ ነቲ ዝምውና ሓራም ጌሩ: ሓዳርን መርዓን ሓላል ብምግባር: ሰበይቲ ንሰብኣያ ካላኣይቲ ኮይና: እፎይ ኢሉ ዘዕርፈላ ቤት ዝገበረሉ ኣላህ:: ንምስክር ኣለና ብዘይካ ሓደ ኣላህ ካልእ መግዛእቲ ዝግበኦ: ኣብ ስልጣኑን ግዝኣቱን ማንም ዝወዳደሮ ከምዘየለን: ቶባ ንዝበለ ዝምሕር: ንድኻ ዘሀብትም: ንሃብታም ዘድኪ: ንዓማጺ ኣጥፊኡ ንተዓማጺ ዘዐውት ኣላህ ምዃኑ :: ነቶም ብርሃን ዓለም ኮይኖም ራሕማ ንዓለም ዝተላእኩ: ሰይድና ሙሓመድ (ሰ.ዓ.ወ) ድማ ሰላምን ርህራሄን ረቢ የውርደሎም::

ክቡራት ሙእምኒን!

እስልምና ኣብ ኩነታት ደቂ-ሰባት ዝግደስ: ብዝያዳ ድማ ስድራቤት መሰረት ሕብረተ-ሰብ ከም ምዃና መጠን ልዑል ተገዳስነት ሂቡ መርዓ ናይ ገዛእ ርእሱ ኣገባባትን ስነ-ስርዓትን ከምዝህልዎ ጌሩ:: መርዓ ወለዶኻ ትዕቅበሉ: ንመሬት ትዕምረሉ ብሉጽ ተግባር እዩ:: ኣላህ (ሱ.ወ) ኣብ ቁርኣን ከምዚ ንመርዓ ዝምልከት ከምዚ ይብል:

ومن آياته ان خلق لكم من أنفسكم أزواجا لتسكنوا إليها وجعل بينكم مودّة ورحمة ان في ذلك لآيات لقوم يتفكّرون

'' ካብ ምልክታቱ (ትእምርትታቱ): ምእንቲ ዕረፍቲ (ቅሳነት) ክትረኽቡ: ኣላህ ብጻይትኹም ትኾነኩም ፈጢርልኩም ኣብ ሞንጎኹም ድማ ፍቕሪ (ፍትወት)ን ርህራሄን ጌርልኩም''

ኣብ ሓዲስ: ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ንመርዓ ክምዕዱና እንከለው ከምዚ ኢሎም:

''ኣንቱም መንእሰያት ዓቕሚ ዘለዎ ይመርዖ: ምኽንያቱ መርዓ የዒንትኻ ሓራም ካብ ምርኣይ ዝፍውስን ኣብ ሓራም ካብ ምውዳቕ ዝከላኸለን እዩ: እንተዘይክኢልኩም ግና ጹሙ'' ኢሎም::

يا معشر الشباب من استطاع منكم الباءة فليتزوّج فإنه أغض للبصر وأحصن للفرج ومن لم يستطع فعليه بالصوم فإن له وجاء

ንመርዓ ዝተበገሰ ሰብ: ኣላህ (ዓ.ወ) ክሕግዞን ክውፍቖን ምዃኑ ረሱል ከምዚ ክብሉ ይነግሩና:

''ሰለስተ ሰባት ኣለው: ረቢ (ሱ.ወ) ሓገዙ ዘይፈልየሎም: ካብኣቶም ሓደ ጽፈት ደልዩ ንመርዓ ዝተበገሰ'' ኢሎም::

ثلاث حق على الله عونهم المجاهد في سبيل الله والمكاتب الذي يريد الأداء والناكح الذي يريد العفاف

ስለዚ እንታይ ሒዘ እየ ክምርዖ ኢልካ ንድሕሪት ካብ ምትራፍ: ረቢ ክሕግዘካ ምዃኑ ፈሊጥካ ክትብገስ ይግበኣካ::

መርዓ ኣብነታዊ ኮይኑ ክምቅር እንተኾይኑ ካብ መጀመርትኡ መጻምድትኻ ኣብ ምምራጽ ዓቢ ተገዳስነት ሂብካ ክትሰርሓሉን: ጥዑይ ካላኣይካ ወይ ካላኣይትኻ ረኺብካ ውሃ ዘበለ ስድራቤት ክትምስርት ክትጽዕርን እስልምና ዓቢ ቦታ ሂቡ ኣገዳስነቱ ጸቒጡ ይምዕድ:: ጉዳይ ምምራጽ መጻምድቲ ንኽልቲኦን ሰብኣይን ሰበይትን ብማዕረ ኣገዳሲ ምዃኑ ድማ የብርህ::

ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ኣብ ሓደ ሓዲስ:- ''ድሕሪ ተቕዋ (ፍርሃት ረቢ): ካብ ሳልሓ (ብልጽቲ) ዝኾነት ሰበይቲ ካብ ምርካብ ዝበልጽ የልቦን: እንተኣዘዛ ትሰምዖ: እንተረኣያ ባህ ትብሎ: ንግዚኡ እንተተፈልያ ድማ ገንዘቡን ደቁን ትሕልውሉ'' ኢሎም

ما استفاد المؤمن بعد تقوى الله عز وجل خيرا له من زوجة صالحة اذا أمرها اطاعته واذا نظر اليها أسرته وإذا أقسم عليها أبرّته وإذا غاب عنها نصحته في نفسها وماله

ኣብ ካልእ ሓዲስ:- ''ሓንቲ ሰበይቲ ንኣርባዕተ ምኽንያት ትምርዖ: ንገንዘባ: ንትውልዳ: ንመልክዓን ንዲናን'' ምስ በሉ: ቀጺሎም ኣየናይ ኣቐዲምና ክንመርጽ ከምዘለና ክምዕዱና እንክለው: ''ነታ በዓልቲ ዲን ሓዙን ምረጹን'' ኢሎም::

መስርሕ መርዓ ብሕጸ ይጅምር: እዚ ድማ መሻርኽቲ ሂወትካ ናይ ምምራጽ ዝጅምረሉ ግዜ እዩ:: ኣብዚ ግዜ እዚ ዝያዳ ትፋለጠሉ: ነገራት ኣጸቢቕካ ተነጽረሉ: ስድራቤት ክልቲኦም ዝዳለውሉን ዝቀራረብሉን ጊዜ ደኣ'ምበር ዓቕዲ ጌርካ ከም ሰብኣይን ሰበይትን ትፍለጠሉ ግዜ ኣይኮነን:: ከምኡ ክንድ ዝኾነ ድማ ሕጹይ ንሕጽይቱ ልክዕ ከም ሰበይቱ ርእዩ: ከምቲ ኣብዚ ጊዜና ንርእዮ ዘለና: ዓቕዲ (ቃል-ኪዳን)

ከምዘይገበሩ ረሲያም ንበይኖም ይብሕቱ: ብዘይ ማሕረም የዛውራ: ጉቡኣ ዘማላኣላ መሲልዎ ሕሉፍ ርክብ ብምፍጻም ኣብ ረቢ ዘይፈትዎ ናይ ሓራም ተግባራት ይወድቁ::

ብዙሓት ኣለዋ: ብዘይጭበጥ ተስፋታት ተታሊለን: ካብ ሓቂ ዝረሓቐን ዝተጋነነ መብጽዓታት ዓዊረን: ብዘጋጊ ናይ ሓሶት ቃላት ተዓሽየን ኣብ ሓደጋ ዝወድቃ:: ቅድሚ መርዓ መንነትካ ምፍላጥ ግድነት እኳ እንተኾነ: ብሰነ-ስርዓትን ብመንገዲ ቤተ-ሰብ ተማእኪሉን በቲ ረቢ ዝፈትዎ ኣገባብ ዶብካ ፈሊጥካ ክኸውንን'ዩ ዝግበኦ:: ኣብ ሓዲስ: ረሱል (ሰ.ዓ.ወ):

''ሰብኣይ ምስ ዘይተመርዓዋ ሰበይቲ (ጓና): ማሕረም (ከም ሓዋ: ኣቡኣ መሳሊ) ሓውኣብዘይብሉ ምስኣ ንባይኑ ክብሕት ክልኩል እዩ'' ኢሎም::

لا يخلونّ رجل بامرأة الا مع ذي محرم

መርዓ ቅዱስ ተግባር ኮይኑ: ሓላፍነት ኣብ ሞንኮብ ክሊቲኦም ዝተንጠልጠለ ኣማና'ውን እዩ:: ረቢ (ሱ.ወ) ብማዕረ ተመሓዝዮም: ብጽቡቕ: ብሰላምን ቅሳነትን ክነብሩ ይጽውዖም::

وعاشروهن بالمعروف

''ምስአን (ምስ ኣንስትኹም) ብለውሃትን ክብረትን ንበሩ'' ይብል::

ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ቅድሚ ምሟቶም: ኣብ ሑጀተል ወዳዕ: ዝኾጠብዎ ኹጥባ: - ''ከምቲ ብእምነት ካብ ወለደን ዝወሰድኩመንን ከምቲ ብስም ኣላህ ብሓላል ዝረኸብኩሞንን ሓደራኹም ተኸናኸንወን'' ክብሉ ምዒዶምና::

واستوصوا بالنساء خيرا فإنكم أخذتموهن بأمانة الله واستحللتم فروجهن بكلمة الله

ሰብኣይ ንሰበይቱ: ከም ሰብ ርእዩ ክከናኸና እምበር ከም ምልኩ ወሲዱ ክብድላን ክዕምጻን ኣይግበኦን: ሰብ እያ ትጋገ: ጉድለታታ ክጽብጽብ የብሉን: ብኣንጻሩ ግቡኣ ከማላኣላ: መሰላ ክፈልጠላ: እኹል ግዜ ከወፍየላን ፍቕሪ ክምግባን ይግበኦ:: ከነኣእሳን ከትሕታን: ብዓይኒ ንዕቀት ርእዩ ከናሸዋን ግና ኣይግባኣን:: ንሂወቶም ዝምልከቶም ኩሉ ከማኸራ: መሻርኽቲ ሂወቱ ምዃና ፈሊጡ ርእይቶኣ ክሰምዕን ሓሳባ ክወስድን ይግባእ:: ብቐጻሊ ልባ ብሓጎስ ክመልኣላ: ከበርትዓን ሞራል ክህባን ክጽዕር: ኣብ ኣጋጣሚታትን

ዒዳትን ህያባት ክልግሰላ: ከምቲ ንሱ መልኪዓ: ጸፊፉን ጸቢቓን ክርእያ ዝደሊ: ክመላኻዓላን ጽርየቱ ክሕልወላን ይግባእ:: ኢብኒ ዓባስ (ረ.ዓ): ''ከምቲ ሰበይተይ ትመላኻዓለይን ትጽብቐለይን: ኣነ'ውን ይመላኻዓላ እየ'' ኢሎም::

እዚ ክንጠቕሶ ዝጸናሕና ሰብኣይ ንሰበይቱ ክኸውን እንከሎ: ሰብይቲ ንሰብኣያ ኸ ከመይ ክትኮነሉ ይግባእ ንዝብል: ኡሙ ኢያስ ቢንት ዓውፍ ዝተባህለት: ነታ ንመርዓ ትዳሎ ዝነበረት ጓላ ዝሃበታ ማዕዳ ንውሰድ: -''ዝኸበርኪ ጓለይ: ዝዓበኽሉን ትነብርሉ ዝነበረኪ ገዛን ትገድፊ'ለኺ: ናብ ነቢርክዮ ዘይትፈልጢ ገዛ ድማ ትግዕዚ ኣለኺ: ቅድሚ ሕጂ ምስዘይትፈልጥዮን ዘይለመድክዮን ሓድሽ ሰብኣይን ድም ክትነብሪ ኢኺ'ሞ: ነዘን ሕጂ ዝነግረኪ ምዕዶይ ስምዕኒ'' ብምባል:

ንሰብኣይኪ ብቕንዕና ተኸናኸንዮ: ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ኣይትሕተትዮን ኣይተሰክምዮን:

ዘረብኡ ሰሚዕኪ ተማእዘዝዩ:

የዒንቱ ብጀካ ጽቡቕኪ ሕማቕ ነገራትኪ ከይርእያ ሓልውዮ:

ኣፍንጭኡ ድማ ጥዑም መኣዛ ዘለዎ ሽቶኺ እምበር ጽሉእ ሽታኺ ከይሽትታ ተጠንቀቕሉ:

ጠምዩ ከየማርርን ድቃስ ስኢኑ ከይደክምን ተረዲኡሉ:

ገንዘቡ ብግቡእ ሓልውሉ (ኣብ ቁም-ነገር ኣውዕልሉ)

ክብረቱን ደቁን ድማ ተኸናኸንሉ:

ትእዛዙ ኣይትስበሪ: ምስጢራቱ ድማ ኣይተቃልዕሉ: ምኽንያቱ ትእዛዙ እንተኣቢኺ ልቡ ክትሰብርዮ ኢኺ: ምስጢራቱ እንተኣውጺኣክሉ ድማ ኣብ ልዕሌኺ ሕነ ምስዝፈዲ ኣይትኸእልዮን ኢኺ::

ብምባል ጌና ሓዳር ከይጀመረት እንከላ: ንጥጡሕን ፍቕሪ ዝመለኦ ሓዳር ክኾነላ ኣቐዲማ ንጓላ ማዕዳ ሂባ ኣፋነወታ:: እዚ እዩ መርዓ ናይ እስልምና: ንሕና መንገዲ ሒዝና ረቢ እንተፈሪሕና: ኩሉ ነገር ረቢ የቕልለልና::

ኣብዚ እዋን: ኣብ መብዛሕትኦም ሰባት (መንእሰያትን ወለድን) ትርጉም መርዓ ተሳሒቱ: ዕላማታቱን ቀንዲ ሸቶታቱን ተዘንጊዑ: እቲ ክቡር ኣገዳስነቱ ተረሲዑ: መልእኽቲ ቁርኣንን ሱናን: ዘረባ ረብን ረሱልን ሸለል ተባሂሉ: ካብ ዲን ወጻኢ ብዝኾነ ጽሉእ ባህልታትን ጵያፍ ተግባራትን ተዓብሊሉ:: ካብ መጠን ዝሓለፈ ወጻኢታት ይግበረሉ: ንረኣዩለይን ስምዑለይን መጠን ኣልቦ ዝኾነ ሸሻይ ይፈስስ: ብኽልኩላት ነገራት ብሙዚቃን ተሓዋዊስካ ሳዕሲዒትን ይበሓት::

ረቢ (ሱ.ወ) ነዚ ጉዳይ እዚ ክልኩል ምኺኑ ክሕብር እንከሎ:

ولا تبذّر تبذيرا ان المبذّرين كانوا اخوان الشياطين وكان الشيطان لربّه كفورا

''ኣይተባኽኑ (ኣይትዝረው)፡ እቶም ዘባኽኑ'ኳ ብጾት ናይ ሸይጣን እዮም፡ ሸይጣን ድማ ንረቡ ዝኸሓደ'ዩ''

اللهم اكفنا بحلالك عن حرامك، وبطاعتك عن معصيتك، وبفضلك عمن سواك، اللهم بفضلك ورحمتك أعل كلمة الحق والدين، وانصر الإسلام وأعز المسلمين، وأذل الشرك والمشركين خذ بيد ولاة المسلمين لما تحب وترضى يا رب العالمين، إنك على ما تشاء قدير، وبالإجابة جدير